<u>እታ ቐያሕ ባቡር</u>

ካልኣይ ክፋል፤

ብ ኣብርሃም ለኣከማርያም።
ካናዳ።

ሞተር ተልዒሉ ራን ራን ምስ በለ
ብታሕጓስ ኩሉ ሰብ ዓለለ
ደርፊ ሽለላ ቀረርቶ ሆራ
ጣቕዒት እምብልታ ከበሮ ፈኸራ
ከስምዑ ጀመሩ ኩሎም ብብተራ።፤
<u>ባቡረይ ሽገ ምሕጻርኪ ሓሸንገ</u>
<u>ሰብ ከይሪኣኪ ኣይትውፅእለይ ደገ</u>
<u>ሰጉሚ ንቕድሚት ኪዲ ተወንጨፊ</u>
<u>ኣሎና ደቐኺ ሂወት እነወፊ</u>
<u>ዕዳ ኣሎና ዘይተኸፍለ ሕልፊ</u>
<u>ክነምፀኣልኪ ኢና ናይ መፍትሕኺ ቁልፊ።</u>
እናጎየሉ ሰሓቕ ኣብ ማእኸሉ
ሙሉእ መዓልቲ ክኸዱ ወዓሉ።
ኣጋ ምሸት ኮይኑ መሬት ምስ ፀልመተ
ምግቢ ቀሪቡ ዝብላዕ ዝስተ
መራሕ ባቡር መፅዩ ካብ ጋቢና
በሉ ወረዱ ኣብዙይ እዩ ምሕዳርና
እንተ በሎም ብኢዱ እናመላኸተ
ሓደ ብድድ ኢሉ በለ ወድኣይተ!!
መዓዝ መሲሉኑ ከምዙይ ዓይነት ጉዕዞ
ገዛይ ክምለስ እየ እቲ ሽመይ ሰርዞ
ኣብ በረኻ ዊዒልና በረኻ ክንሓድር
መፃውቲ እንሰሳ ኣራዊት ዱር
ንዓሻኻ በሎ ዝዕሾ እንተግኒኻ
ካብ ገዛይ ወፅየ ዝነብር በረኻ።
ኣውረደኒ ኣብዚኣ ነገር ከይተምፅእ
እንተዘይኮይኑ ፖሊስ እየ ዝፅውዕ።
ወዮ ኣውቲስታ ብዙሕ ተገሪሙ
እከለ በሎ ፀዊዑ ብስሙ
እማንካ ኢኻ ዝበልካዮ ኹሉ
ኣየድልዩናን እዮም ከማኻ ዝበሉ
ሓቦ ዘየብሎም ልሕሉሕ መዓንጣኦም
እንታይ ከዓብሱልና ይኺዱ ገዝኦም።
ኣውቲስታ ኣስታት ተቖጢዑ
ከምዙይ በሎም ንኹሎም ፀዊዑ
ጉዕዞ ነዊሑዎ ክምለስ ዝደሊ
ኢዱ የውፅእ ሓፍ የብል ንላዕሊ፤
ሓደ ብድድ ኢሉ

ሰሚዕናዮ ኣሎና እትብሎ ዘሎኻ
ስጋብ መጨረሻ ኣሎና ምሳኻ
ጥራይ ንስኺ ኣፀቢቕካ ዘውር
ብኣና ወገን ምንም የለን ሽግር
ንስኻ ጥራይ ኣፀቢቕካ ዘውር
ፅባሕ ክንግስግስ ሀዚ ደሓን ሕደር።

ክቕፅል እዩ።

<u>እታ ቐያሕ ባቡር</u>

<u>ሳልሳይ ክፋል</u>

ኣብርሃም ለኣከማርያም

ካልኣይ መዓልታ ጉዕዞ ካብትጅምር
ድንገት ኣጋጠመ ዘይትሓስበ ነገር
ቁፅሮም ዘይተፈልጠ ዓመፅቲ ሽፋቱ
ይዳለዉ ነይሮም መንገዲ ክዓግቱ
ነዚኦም ጥሒስካ ጉዕዞ ንምቕፃል
መሪር ቃልሲ ነይሩ ብሂወት ዝኽፈል
ባቡር ጠጠው ኢላ ተሳፈርቲ ወሪዶም
እንታይ ንግበር በሉ ኣብ ጎቦ ዓሪዶም።
<u>ኣቱም ሰባት እንታይ ኢኹም እትብሉ</u>
<u>በለ ሓደ ተሳፋሪ ካብ ማእኸል ተልዒሉ</u>
<u>ሽፋቱ ፈሪሕና ጉዕዞና ክዕገት</u>
<u>ዘይሕሰብ እዩ እንተሎና ብህይወት</u>
<u>ዝመፀ ይምፃእ ሞት ወይ ደሕንነት</u>
<u>ባቡርና ትበገስ ትመርሽ ንቕድሚት።</u>
ኢሉ ዘረብኡ ምስ ጨረሰ
ብኹሉ ማእዘን ጣቓዒት ነገሰ።
ካልእ ብድድ ኢሉ በቲ ካልእ ኩርናዕ
ፍሉይ ሓሳብ ጀመረ ከስምዕ
ግርም እዩ እቲ ዝባሃል ዘሎ
ፀገም የብለይን ኩሉ ክቕበሎ
ግን ሓደ ነገር ኣሎ ክብሎ ዝደሊ
ኩሉ ተሳፋሪ ክፈልጦ ብዕሊ
እቲ ዝሓዝናዮ  ጉዕዞ ንኽሳለጥ
ኣቐዲምና ክልተ ነገራት ንፍለጥ
ባቡርና እንካብ እትፍጠር ጀሚራ
ከይዳ ዘይደኸማ ሓፂን እዩ እግራ

ዓቐብ እንትብርትዕ ንድሕሪት ትምለስ
ሜዳ እንትርከብ  ንቕድሚት ትግስግስ
ጊዜን ኩነታትን ብዕሊ ኣገናዚባ
ተበጊሳ ኣላ ክትፍፅም መደባ።
ሓደ ብድድ ኢሉ በቲ ካልእ ወገን
እዚ ዝባሃል ዘሎ ፈፂሙ ኣይተረዳኣንን
ነገር ከይጠዋወኻ ሓቁ ንገረና
ኣብዙይ ኣይንውዕልን ንሽፍታ ፈሪሕና።
ግርም በለ እቲ ብዕድመ ምጥጥ ዘበለ
በትሪ ተደጊፉ ርእሱ እናቐመለ
እዛ ሓዳሽ ባቡር ከይትጉደአና
ናብ ካልእ ንበገስ መንገዲ ቐይርና
ናብ ምዕራብ ኣምሲልና ንምብራኽ ንገይሽ
ዓኞምና ገምጊምና ክንምለስ ይሓይሽ
ካልእ እንተሃለዩ ካብዙይ ዝተፈለየ
ሀዚ ይኸረብ መሬት ከይመሰየ
ምስ በለ እቲ ሓለንጋይ ስየ።
ሓቑ ሓቑ በለ ፍርቁ
ንነዊሕ ጉዕዞ እናሓዘ ስንቁ።
ሳልሳይ መዓልታ ባቡር እንካብ እትብገስ
ብሓዱሽ ወነ ብሓዱሽ መንፈስ
ተሳፈርታ እናጎየሉ ብኸበሮ ፋፃ
 ጉዕዞ ጀሚራ ንምብራኽ ገፃ።
ግና ብዙሕ ከይፀንሐት ሽው ተመሊሳ
ናብ ሰፈራ ደበኽ ኩሉ ጠሓሒሳ።
ቀያሕ ባቡር ኣብ ሳልሳይ መዓልታ
ቁፅሮም ወሲኹ በዝሒ ተሳፈርታ
ሰላም ነገሰ ኣጥፊኦምዎ ሽፍታ።

ይቕፅል።

ኣርክብ ኣርክብ ኮይኑ ጉዕዞ ተጀሚሩ
ንቕድሚት ክምርሹ ኩሎም ተሳፊሩ

ኩሎም ተሳፈርቲ ኣብ ውሽጣ ሓዚላ
ኩሉ ተሳፋሪ ብሓንሳብ ሓቢሩ
ንመርሽ ኢሉ
ድንገት ኣጋጠመ ንድሕሪት ዝጎትት

ብርቱዕ ፃዕሪ መስዋእቲ ዘሓትት
ኣብ ቕድሚት ፀኒሖም መንገዲ ዝዓግቱ
ቁፅሮም ዘይተፈልጠ ዕሉላት ሽፋቱ
መንገዲ ዓፅዮም ነገር ከጓትቱ
ብረቶም ዓጢቖም ብኣዋጅ ከተቱ።
ባቡር ተዓጊታ ጉዕዞኣ ተሰናኺሉ
ተሳፈርታ ኩሎም መስዋእቲ ኸፊሉ
ሓዝ ክሕዝ ሕንቆ



ብኣብርሃም ለኣከማርያም'
ካናዳ፤
እታ ቀያሕ ባቡር
ሓንቲ ቀያህ ባቡር   ካብ ምዕራብ
ተበጊሳ
ዉሑዳት ተሳፈርቲ ኣሳፊራ ኣብ ከርሳ
ተርኢያ ዘይትፈልጥ ሓዳስ ነገር
ነዊሕ ዝቑመታ ብመሬት እትበርር
ስርሒታ ሓፂን ብሓፂን ዝተገጣጣመ
ቀለማ ሓዱሽ ማይ ዘይጣዓመ
ደወል ደዊላ ጥሩንባ ነፊሓ
ሰብ ክትኣራሪ ጀመረት ስራሓ።
ህዝቢ ተገሪሙ ብኣስተንክሮ ይሪኣ
 ፍርሒ ኣትዩዎ ከይቐርብ ጥቓኣ
እንታይ እያ ዚኣ እስኪ ንገሩና
ቁመታ ነዊሕ ትኽይድ ደኒና
ጎማ እኳ የብላን ከይንብላ መኪና
እንታይ እዩ ፍጥረታ መን እዩ ዋኒና
ኣለዋ ዶ መራሒ ኣውቲስታ መሳሊ
ኣፀቢቑ ዝዝውራ ዝገንሓ ብዕሊ?
እናበሉ ሕቶ ኣብ ርእሲ ሕቶ
ዘይተፀበዮ ጭራሽ ዘይገመቶ
በሎም ፎቶሪኖ ንኹሎም ኣኪቡ
ክትከዱ እትደልዩ ሱቕ ኢልኩም
ደይቡ
ንስኻትኩም እተዉታ  ዳኣ እምበር
ኣለዉና ኣውቲስቲ እኒ ኣይዕዘር
ብወነ ዝጓዓዙ ሓቦ ሰኒቖም
እቲ ምዝዋር ንግደፎ ንዓኦም
ሀዚ ደይቡ ጥያቐ ኣይተብዝሑ
 እንተዘይደሊኹም ኣብ ገዛኹም
ፅንሑ
ጉዕዞ ከይጀመርኩም እንታይ እዩ
ፍርሑ?
ምስ በሎም
ሓደ ተሳፋሪ ቆብዑ ቀሊዑ
እንታይ እዩ እዚ ነገር ፀወታ ቆልዑ
ዓያሹ እኮ ኣይኮንናን በለ ተጠሊዑ
 መሕደሪኣ ዘይትፈልጥ ባቡር
ወይ ትግልበጥ ወይ ትስበር
ቆሉዑት ኣይኮንናን ሱቕ ኢልና
እንሳፈር
ሓቂ ተዛረብ ክንፈልጦ እቲ ሚስጥር?
ተሳፈሩ ኣይበልናን ብሓይሊ ኣገዲድና
ጊዜ ኣይተባኽኑ ነዊሕ እዩ ጉዕዞና
ነዊሕን መሪርን ጥውይዋይ ዝበዝሖ
ግምት የብልናን መዓዝ ከም እንበፅሖ
ክትጓዓዙ እትደልዩ ሓቀኛ ተሳፈርቲ
እስኪ ተኣለዩ ካብቶም መፋነውቲ።
ይቕፅል።